2016-2019

# አስተዳደር ዕቅድ

## ተክኒካዊ መግለጺ ናይ ስራሓትን ምድግጋምን ናይ ንክንክን ግዳማዊ ኣከባቢ ዝኾኑ ነገራት

አስተዳደር ዕቅድ

# ትሕዝቶ


መደብ ክንክን ........ 2

T1.1 ናይ ኣትክልቲ ቦታ ........ 3

T1.11 ሳዕራም ቦታታት ........ 4

T1.112 ዝተኲስኲሰ ሳዕራም ቦታን ክሳብ ላዕሊ ዝበቖለ ሳዕሪ ዘሎዎም ቦታታትን ........ 5

T1.12 ኣግራብ፣ ቈጥቋጥ፣ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹርን መደብ ዕምባባታትን ........ 6

T1.121 ኣግራብ ........ 7

T1.122 ቈጥቋጥ ........ 8

T1.1222 ዝከምከመ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ........ 9

T1.1223 ዝተኲስኲሰ ቈጥቋጥ ........ 10

T1.123 ጽገሬዳታት ........ 11

T1.124 ዝሓኹሩ ኣትክልቲ ........ 11

T1.125 ዘየበትኽ ኣትክልቲ ........ 12

T1.1253 ሽጕርቶ(ዓካር) ኣትክልቲ ........ 12

T1.126 ኣብ መደብ ዕምባባታት ዝትከል ኣትክልቲ ........ 13

T1.2 ናይ ምድሪ ሽፋን ........ 14

T1.21 ናይ እምኒ፣ ጡብ፣ ናይ ካሽስትሩስ ቀጸላ፣ ጀያን ኣስፋልትን ጽፍሒታት ........ 15

T1.23 ናይ ዕንጨይቲ ሽፋን ዘልዎም ጽፍሕታት ........ 15

T1.3 ቀዋሚ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬት ........ 17

T1.31 ሓጹርን መእተዊ መሳርያታትን ........ 17

T1.32 ናይ ጸወታን ስፖርትን መሳርሒ ........ 17

T1.38 ዝተፈላለየ ቀዋሚ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬት ዘሎ ........ 18

T1.41 ናይ ግዳም ኣቕሑ ገዛ ........ 19

T1.81 ንምሕደራ ጐሓፍ ዝኸውን ቦታ (ናይ ዳግመ መስርሕ ንቑጣ) ........ 19

T1.83 መረባታት ........ 20

# መደብ ክንክን

## ክሳብ ን2016-2019 ዘሎ ናይ ውዕል ግዜ ጥራይ ብቑዕ ይኸውን

እቲ ናይ መደብ ክንክን ሓጺር ተክኒካዊ መግለጺ ብዛዕባ ናይ ዕማም ዝጥለቡ ነገራትን ብዝሒ ናይቶም ኣብ ናይ ግዳማዊ ኣከባቢ ክፋላት ዝቐመጡ ዓቐናትን (ናይ ክንክን ፍርያት) የዳሉ። ብዛዕባ ኣየኖት ቦታታት ንምዕራይን ምፍታሽን ኣገደስቲ ምዃኖምን ብዛዕባ እቲ ቀንዲ ስራሕ ኣብቲ ግዳማዊ ኣከባብን ድማ ጽቡቕ ስእሊ ይህብ።

ዕላማ ናይ መደብ ክንክን ንኹሎም ወገናት ንጹርን ዝዕቀንን ሽቶ ምንዳፍ እዩ። እዚ ናይ መደብ ክንክን ንዓሚልን ተዃናታራይን ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ኣመሓድራ መሳርሒ እዩ። ዕላማ ናይዚ ተክኒካዊ መግለጺ እዚ ሓባራዊ ዝኾነ መረዳእታ ናይ ዕማማትን ዝጥለቡ ነገራትን ምድላው እዩ።

ናይ ጽፈት ምርግጋጽ መስርሕ፡ እቲ ተዃናታራይ ቅኑዕ ዝኾነ ስጉምቲ ኣብ ቅኑዕ ዝኾነ እዋን ይወስድን እቶም ቅኑዓት ዝኾኑ ኣቕሑ ድማ ይጥቀምን ማለት እዩ። ስለዚ፣ ንምክትታልን ምስቲ ብናይ መንበሪ ትካል ተራድኦ ዝጥለቡ ነገራት ዝሰማማዕ ምኻኑ ንምርግጋጽን ክልቲኦም ሰሌዳ ግዜን ናይ ዓቐናት መግለጽን የድልዩ። በዚ ምኽንያትዙ ድማ እዩ ሓባራዊ ዝኾነ ሽቶን ቋንቋን ዘድሊ። ኣብዚ ውዕል ናይ AFF ኮዳትን ዝርዝር ናይ ብSABO ዝጥለቡ ነገራትን እዮም ንናይ ግዳማዊ ኣከባቢ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም። ኣብ ኣመሓድራ ናይ ደጋዊ ኣከባቢ ንብረት ንቁጽጽር ናይ ምምጻእን ምምስራሕን ዝኸውን መሳርሒ እቲ ናይ AFF ስርዓት እዩ። እቲ ዋና ንብረት እቲ ግዳማዊ ኣከባቢ፣ ዕላማታት ከምኒ ማሕበራዊ፣ ናይ ጽባቐን ቁጠባዊ ቀጻልነትን ንተቐመጡ ዘማልእ ክገብሮ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎ።

እዞም ኣብቲ ናይ መደብ ክንክን ዝድለዩ ዓይነት ንጥፈታት ናብቲ መደብ ምምስራሕ ነቲ ዓመት እቲ ክውሰኹ ኣሎዎም። እዚ ቀሊል ዕለታዊ-መዝገብ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ነገር ዘለዎ ወቅታዊ መደብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብኹሎም ወገናት ድማ ብቀሊሉ ክንበብን፣ ክፍተሽን ከምኡ `ውን ክካታተልን ዝኽእል ክኸውን ኣሎዎ። እቲ ኮሚሽን ብተወሳኺ ፈተሻ እውን የጠቓልል እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ኣበራትን ጉድለታትን ድሕሪ ካብ ዝመጸ ጻውዒት BrfSkogshöjden ብቕልጡፍ ክሕበሩን ክዕረዩን ኣሎዎም። እዞም ኮሚሽናት እዚኦም ኩሉ ግዜ ብመልክዕ ጽሑፍ እዮም ዝወሃቡ።

ኣብቲ ናይ ውዕል ግዜ፣ ነቲ ኣብ ግዳማዊ ኣከባቢ ዘሎ ስራሕ ዝመርሑ ኣርባዕተ ዕማማት ኣሎዉ፣ ምምዳብ፣ ምትግባር፣ ምክትታልን ናይ መንበሪ ትካል ተራድኦ ደጋዊ ኣከባቢ ምምሕያሽን። እዞም ዝተጠቕሱ ሽቶታት ንምውቓዕ ክልቲኦም ወገናት ጽፈት ከረጋግጹን ጥንቑቕ ፍተሻ ብዘለዎ ጥበብ ዝመልኦ ስራሕን ክሰርሑን ኣሎዎም። ስእሊ 1 ተመልከት።

**ስእሊ 1. ምርግጋጽ ጽፈት ኣብ ማእቶት**





Bild 2: Arbetet med egenkontroll ska utföras systematiskt och med fokus på att ha kontroll över verksamheten ur miljösynpunkt och förbättra kontrollen. Arbetet kan liknas vid de metoder som används i frivilliga miljöledningssystem.

## T1.1 ናይ ኣትክልቲ ቦታ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ናይ ሳዕሪ ቦታ፣ ኣእዋም፣ ቈጥቋጥ፣ ሓጹርን ዘየባትኹ ዝኾኑ ኣትክልቲ ዓካር ከምኡ `ውን ባዘታት ዘለዎ ናይ ዕምባባታት መደብን።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ናይ ሳዕሪ ቦታ፣ ኣእዋም፣ ቈጥቋጥ፣ ሓጹር፣ ዓካር ዘለዎም ኣትክልትን ዘየባትኹ ዝኾኑን ካልኦት ኣብ ባዘ ዝርከቡ ኣትክልትን ዝሓዘ መደብ ዕምባባታትን እቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ጽፍሒ ናይ መሬትን ድማ ብጽቡቕ ክጓሰን ጽቡቕ ከምዝተታሕዘን ምስ ዓይነቱ ዝኸይድ ጽባቑን ከርእን ኣሎዎም። እቲ ግዳማዊ ኣከባቢ ብጽቡቕ ክሰርሕን ጽኑዕ ዝኾነ ህያውነት ከርእን ኣሎዎ።

ዝተምሎጉ ኣትክልትን፣ ኣቑጽልትን፣ ንኣሽቱ ጨናፍርን ካልኦት ህይወኣያን ነገራትን ድማ ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ብቈጥቋጥ ዝተሸፈነ ቦታን ካልኦት ተቀባልነት ዘለዎም ሓምላይ ቦታትን ክግደፉ ኣሎዎም፣ እዚ ግን ዘይምቕኡነት ዘምጽእ ወይ ጽባቐ ዘበላሹ ክኸውን የብሉን። ኣቊጽልቲ ቕድሚ ምእላዮም ክሳብ ዝተኻለ ክጥስጥሱን ብንፋስ ክንፍሑን ኣሎዎም።

ክንክን ጽገናን ብንኣከባቢ ዝሰማማዕ ኣገባብ ክግበሩ ኣልዎም፣ እዚ ማለት ድማ ንኣብነት ንብሞተር ዝንቀሳቀሱ መሳርሒታትን ካልኦት ማሽናትን ዝኸውን ነዳዲ ዝቃዶ ኣከባብያዊ ምደባ ክህልዎም፣ ከምኒ Aspen (ኣስፐን) ወይ ተመሳሳሊ ናይ ንግዲ ስም ዘለዎም። ማሽናት ብዘይ ስራሕ ደው ክብላ የብለንን። ብኤለክትሪክ ዝሰርሕ ማሺን እዩ ተመራጺ። ልዑል ንጽገት ዘለዎም ዝኣረጉ ማሽናትን ሕማቕ ኣተሓሕዛ ዘለዎም መሳርሕታትን ድማ ብጠቕላላ ክትቐመሎም የብልካን።

ሓማላይ ጉሓፍን ምስ ካልእ ስሩዕ ጉሓፍን ክተሓዋወስ የብሉን። ብዙሕ ዝኾነ ሓምላይ ጉሓፍ ናይ ምምሕዳር ዳግም መመስርሒ ማእከል ወይ ካልእ ናይ ዳግም ምምስራሕ ትካልት ክውሰድ ኣሎዎ። ኩሉ ቦታ ካብ ረስሓትን ግዕዘይምዕዘይን ነጻ ክኸውን ኣሎዎ። ምስ ህዝባዊ ጽሬት ዝተሓሓዝ ፈተሻ ናይ ኩሎም ቦታታት ክግበር ድማ ኣሎዎ።

ኩሎም ናይ ጽገና ነገራት ኣብቲ መደብ ማእቶት ክኣትዉ ኣሎዎም። (ወቕታዊ መደብ) ስእሊ 2.

### *ቓንቓን*

ጽሬት ጽድያ ብ30 ሚያዝያ ክውዳእ፣ ጽሬት ቀውዒ ድማ ብ15 ሕዳር ክውዳእ ኣልዎ። ጽሬት ጽድያን ቀውዕን ማለት ኩሎም እቶም ቦታታት ካብ ናይ ሓጋይ ጸጸር፣ ጐሓፍ፡ ኣቑጽልትን ካልኦት ባዕዳውያን ነገራትን ምጽራይ ማለት እዩ። ምምጻይ ናይ ጨፈቓን ፈተሻን ኣብ ኩሎም ካናለታት ቅድሚ ናይ ኣትክልቲ ስራሕ ወቅቲ ምጅማሩ፣ ቅድሚ 1 ሚያዝያ ክግበር ኣልዎ። ነቲ ናይ ቀውዒ ጽሬት ድማ ልክዕ ከምኡ ቅድሚ ናይ ቀውዒ ማይ ምጅማሩ ፈተሻ የድሊ። ካናለታት ኩሉ ግዜ ብጽሬት ክተሓዙን ካብ ኣቑጽልትን ሓመድን ድማ ነጻ ክኾኑ ኣሎዎም፣ እዚ እንተ ተገይሩ ድማ ናይ ጽፍሕን ናይ ጎደናን ማይ ብዘይ ጸገም ይውሕዝ። ህዝባዊ ጽሬት ድማ ብስሩዕ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ይግበር።


ናይ ሓመድ መጽናዕቲ ሓንሳብ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት እዩ ዝካየድ። ኣብቲ መጽናዕታዊ ውጽኢት ምርኩስ ብምግባር ድማ ኣገዳሲ ዝበሃል ስጉምቲ ክውሰድ ኣሎዎ ከምኒ ምድኳዕን ንተወሳኺ ፍዳ ዝኾኑ ካልኦት ናይ ሓመድ ምምሕያሻትን። እቲ ቀዳማይ መጽናዕቲ ኣብ መስከረም 2016 ክግበር ኣሎዎ። እዚ ድማ ንB (ለ) ብምውካስ ይግበር።.

**ስእሊ 2። መደብ ማእቶት - ወቅታዊ መደብ**

## T1.11 ሳዕራም ቦታታት

### *ናይ ክንክን ነገር*

ዝተኰስኰሰ ሳዕራም ቦታን ክሳብ ላዕሊ ዝበቖለ ሳዕሪ ዘለዎም ቦታታትን።



### *ተግባራዊ ጠለባት*

ኩሎም ሳዕራም ቦታታት ከም ጥዑያትን፣ ምሉኣትን ሓምላይን ክረኣዩ ኣሎውም። ካብ ኣሸገርቲ ዝኾኑ ጻህያይን ባዕዳውያን ነገራትን ነጻ ክኾኑ ድማ ኣሎዎም። እቲ ሳዕሪ ዝኾነ ዝነቀጸ ወይ ዝሞተ ክፋል ወይ ውን ካልእ ሃስያ ዘለዎ ክኸውን የብሉን። እቲ ሳዕራም ቦታ ጽሩይን ማዕረን ኮይኑ ክረአ ኣሎዎ።

ቁመት ናይቲ ሳዕሪ ኣብቲ ዝተኰስኰሰ ሳዕራም ቦታ ካብ 40ሚሜ ክሳብ 100ሚሜ ክኸውን ኣሎዎ።

ናይ ምዕጻድ መደብ ነቲ ሳዕራም ቦታ ክስራዓሉ ኣሎዎ።

### *ክንክን*

ሳዕሪ ዘለዎም ቦታትት ህዝባዊ ጽሬት ይረኽቡ፣ ብንፋስ ይንፍሑ ወይ ከኣ ብራስትሬሎ ካብ ኣቓጽልቲ ነፍሲ ወከፍ ጽድያን ቀውዕን ይጸርዩ፣ በዚ መንገዲ ድማ ዝኣረገ ሳዕሪ፣ ኣቑጹልቲ፣ ጨንገር፣ ጨናፍር፣ ኣእማን ከምኡ `ውን ግዕዘይምዕዘይ ይጸሪ። ዝተፈላለዩ ዓንዓታት ድማ ድሕሪ ጽሬት ይምልኡ። እዚ ድማ ወላ ንምዝራእን ምጽጋንን ገፋሕቲ ቦታታት ይምልከት።

እቲ ሳዕሪ ብዝበልሑ ላማን ሚዛናዊ ዝኾነ ዓጻዲ ዱክን ክቁረጽ ኣሎዎ። ዝበለጸ ናይ ዓጺድ ውጽኢት ንምርካብ እቲ ላማ ቀጻሊ ክረአ ኣሎዎ። እቲ ዓጺድ ብመሰረት ተግባራዊ ጠክለብ እዩ ዝግበር።

እቲ ቀዳማይ ዓጺድ ኣብ ጽድያ ክሳብ እቲ ሳዕሪ ዝለዓለ ቁመት ማለት 100ሚሜ ዝበጽሕ ክዳናጎ ይኽእል እዩ።

## T1.112 ዝተኰስኰሰ ሳዕራም ቦታን ክሳብ ላዕሊ ዝበቖለ ሳዕሪ ዘሎዎም ቦታታትን

### *ክንክን*

ዓጺድ እንተወሓደ ካብ 18 ክሳብ 20 ግዜ ኣብ ዓመት ክግበር ኣሎዎ፣ ነቶም ናይ ዝተኰስኰሰ ሳዕራም ቦታ ተግባራዊ ጠለባት ድማ ከማልእ ኣሎዎ።

ዓጺድ ኣብ ከባቢ ሓደ ከልካሊ ድማ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ራብዓይ ዓጺድ ክካየድ ኣሎዎ።

ናይ ሳዕሪ ምቃዝ ኣብኡ ክግደፉ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ግን ዝኾነ ዝርአ ምእካብ ከምጽእ የብሉን። ዝኾነ ጽሕጎ ናይ ሳዕሪ ወይ ኵምራ ናይ ሳዕሪ ኣብቲ ሳዕራም ቦታ ክግደፍ የብሉን። ናይ ሳዕሪ ምቃዝ ኣብ ንቁጻት ጽፍሒታት ኣይፍቀዱን እዮም። እዞም ቦታትት ብንፋስ ተነፊሖም ክጸርዩ ኣልዎም።

ነዊሕ ዝኾነ ናይ ጽምኣት እዋን ኣብ ዝህልወሉ፣ ማይ ምስታይ ድማ ምስ B (ለ) ብዝሰማምዕ መንገዲ ክግበር ኣለዎ።

ኣብ ግዜ ቀውዒ ዝግበር ዓጺድ ናይ ኣቁጽልቲ ምጥስጣስ የድሊ እዩ። እቶም ኣቑጽልቲ ዝቖረጽሉ ምኽንያት ድማ ዝኾነ ምንጻፍ ኣብቲ ሳዕራም ቦታ ከፈጥሩ እዩ።. ክልተ ወይ ሰለስተ ካብቶም ናይ መወዳእታ ምቅምቃማት ናይቲ ወቕቲ ብመንገዲ ምጥስጣስ እዮም ዝግበሩ።

ምድኳዕ ብዓቐን ናይ NPK ኣብ መወዳእታ ናይ ጽድያን መጀመርያ ክረምቲ ቅድሚ ማእከል ክረምቲ ብመሰረት ሓበሬታ ናይቲ ኣፍራዪ ይካየድ። እዚ ናይ ኣቕሑ ዋጋ ድማ ብB ይኸፈል።

ተወሳኺ ምዝራእ ናይ ሳዕሪ ኣብቶም ሃስያ ዝወርዶም ጽፍሕታት፣ ሓድሽ ሓመድ ዝተገብረሉ ቦታ ወይ ድማ ሳዕሪ ዘይብሉ ቦታታት ክግበር ኣሎዎ።

ክሳብ ላዕሊ ዝበቖለ ሳዕሪ ኣብ ዝተወሰኑ ቦታትት ከጋጥም ይኽእል እዩ። እዞም ቦታትት ድማ ንካልእ ናይ ዓጺድ መደብ ተኸቲሎም ይቁረጹ። እቲ ቀዳማይ ዓጺድ ድሕሪ ፍርቂ ናይ ክረምቲ ይካየድ፣ ዕምባባታት ምስ ዓምበቡ። ድሕሩኡ እዞም ቦታታት እዚኦም ክሳብ መወዳእታ ቀውዒ/ሓጋይ ብስሩዕ ይቅምቀሙ። ክሳብ ላዕሊ ዝበቖለ ሳዕሪ ህይወታዊ ስሱንነት የደንፍዕ።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ዝተሃስየ፣ ዝሓመመን ዝሞተን ክፋል ናይቲ ሳዕራም ቦታ ይጽገኑን ዳግም ይምልኡን። ምዝራእ፣ ዘይሕረስ ድኹዒ ምግባርን ንፋስ ከም ዝኣትዎ ምግባርን፣ ከምኡ `ውን ተወሳኺ ምድኳዕን ንተወሳኺ ፍዳ ንB ብምውካስ ይካየዱ። እዞም ተግባራት ድማ ኣብ ቀጻሊ ኣብቲ መደብ ክንክን ይመዓራረዩ።

ዝተመደበ ክንክንን ካልኦት ወፍርታት ኣብቲ ሳዕራብ ቦታ ኣብቲ መደብ ክንክን ይርከብ።

## T1.12 ኣግራብ፣ ቈጥቋጥ፣ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹርን መደብ ዕምባባታትን

### *ናይ ክንክን ነገር*

ኣግራብ፣ ቈጥቋጥ፣ ትሒቱ-ዝበቑል ጽገሬዳ፣ ዝሓኹሩ ኣትክልቲ፣ ዘየባትኽ ኣትክልቲ ከምኡ `ውን ተኽሊ ፈልሲ።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ኣትክልቲ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሳዕራም ቦታታት ዝዳሰዩ መታን እቶም ኣትክልቲ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ክኾኑ፣ ክዕምቡቡ ከምኡ ‘ውን ንናቶም ዓይነት ንቡር ዝኾነ ምዕባለ ከምጹ። ጽቡቕ ዝኾነ ባህርን ናይ ጽባቐ ኣገላልጻ ነቲ ቦታ ኣዳሉ። እቶም ኣትክልቲ ኣብቲ ቅኑዕ ቦታ ክቕመጡ፣ እዚ ማለት ከኣ እቲ ቦታ ነቲ ዓይነት ቅኑዕ ዝኾነ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት ሓደ ዓቢ ገረብ ናቱ ኣኽሊል ቆጽሊ ንኽምዕብል ዓቢ ዝኾነ ኣካል ናይ መሬትን ክሊ-ኣየርን የድልዮ። ናይ ጽላል ኣትክልቲ ኣብ ጽላል ክኾኑ ኣሎዎም፣ ጸሓይ ዝፈትዉ ኣትክልቲ ድማ ኣብ ጸሓይ ዝበዝሖ ቦታ። ፍልሰትን ተወሳኺ ምደባን ኣብ ቀውዒ/ሓጋይ ን/ወይ ቅድሚ እቲ ሳዕራም ቦታ ክዓቢ ምጅማሩ ኣብ ጽድያ ክግበር ኣሎዎ። እዚ ድማ ንናይ ምዕምባብ መደብ ዘለዎም ተኽሊ ፈልሲ ኣይምልከትን እዩ።

### *ክንክን*

እቶም ኣትክልቲ መታን ኣብ ጽርግያ፣ ናይ ኣጋር መንገድን ኣብ ናይ ብሽግለታ መንገድን ከምኡ `ውን ኣብ ጎድኒ ፋሳድ ተኣታውነትን ድሕነትን ክዕቀብ ይጽንጸሉ። ናይ ተሸከርከርቲ ቁመትን ቀሊል መስመራትን ምዕቓብ ኣገዳሲ እዩ።

ድሕነትን ተኣታውነትን ንምውሳኽ ተንጠልጠል ዝበለ ጨናፍር ኣብ ግዜ ክረምቲ (ሓምለ-መስከረም) ይጽንጸሉ። እዚ ድማ ወላ ነቶም ነቲ ኣትክልቲ ዘለዎ ቦታ መሊኦሞ ዘለዎ ኣትክልቲ ይምለከት።

ቀራጺ ዝኾነ ምቁራጽ ናይ ኣግራብን ናይ ቈጥቋጥ ሓጹርን ኣብ መወዳእታ ናይ ቀውዒ ወይ/ን ሓጋይ ንB ብምውካስ ይግበር።

እቲ ቦታ እንተ ወሓደ ካብ 5-6 ግዜ ኣብ ዓመት ይጸሀ። እቲ ናይ ጸሀያይ ቁጽጽር ካብ መጀመርያ ናይቲ ወቕቲ ክጅመር ኣሎዎ፣ እቲ ጸሀያይ ከባቢ 4-6 ኣቁጽልቲ (2 ሓቐኛ ኣቁጽልቲ) ምስ ገበረ። ናይ SABO ናይ 14 ደቒቕ ኣገባብ እዩ ተመራጺ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ጸሀያይ ኣብ መጀመርያ ብቕኑዕ ኣገባብ ከም ዝጭነቑ ብምግባር ኣብ መወዳእታ ክረምቲ ይእለዩ።

ምድኳዕ ድማ ኣብ ጽድያ ብህይወኣዊ ነገር ከምኒ ብስባስን ናይ ላም ድኹዒን ከምኡ ውን NPK ድኹዒ።

ነዊሕ ዝኾነ ናይ ጽምኣት እዋን ኣብ ዝህልወሉ፣ ማይ ምስታይ ድማ ምስ B (ለ) ብዝሰማምዕ መንገዲ ይግበር። ማይ መስተዪ ሳንጣታት ከምኒ ትሪጋቶር (Treegator) ንሓደስቲ ዝተዘርኡ ኣትክልቲ ንጥቀመሉም። እዚኦም ኣብ ጽድያ ይትከሉ ኣብ ቀውዒ ድማ ይወርዱ። እዞም ሳናጡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 14 መዓልቲ ብስሩዕ ይምልኡ።

ቁራጽ ኣትክልቲ ይእከብን ከም ዝጥስጥስን ናብ ኮፖስት ከም ዝቕየርን ድማ ይግበር ኣብቲ ሓጹር ናይቲ ገዛ፣ እዚ ግን እቲ ጐሓፍ ብዙሕ እንተዘይኮይኑ እዩ፣ ብዙሕ እንተ ኮይኑ ናብ ካልእ ቦታ ክውሰድ ኣለዎ።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ንB ብምውካስ ንተወሰኺ ፍዳ ተባሂሉ ኣትክልቲ ይልወጡ እዮም። ዝሞቱ ኣግራብን ካልኦት ኣትክልትን ካብ ስራሕ ወጻኢ እንተኾይኖም ወይ ድማ ናይቲ ከባቢ ውሕስነት ዝጸልዉ እንተኾይኖም ብቕልጡፍ እዮም ዝእለዩ። ብዘይቅኑዕ ዝተተኽሉ ጠቕላላ ይቁረጹ ወይ ድማ ይእለዩ ድሕሪ ንB ምውካስ።

እዞም መደባት እዚኦም ናይ “ÄTA” (ተወሰኽን ምቅይያርን) ስራሕ እዮም፣ ኣብቲ መደብ ክንክን ድማ ክኣትዉ ኣሎዎም።

## T1.121 ኣግራብ

### *ክንክን ነገር*

ባዕሎም ዝበቕሉ ናይ መናፈሻን መወቀቢ ኣግራብን፣ ናይ ፍሩታ ኣግራብን፣ ናይ ጎደና ኣግራብን ብቅርጺ ዝተከምከሙ ኣግራብን፣ ከምኡ `ውን ሳዕራም ቦታታት፣ ናይ ኣግራብ ዒላ፣ ናይ ማዕጾ ኣግራብን ናይ ደገፍ ኣግራብን።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ኣግራብ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሳዕራም ቦታታት ብክንክን ዝተሓዙ መታን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ክኾኑን ከም ዓይነቶም ድማ ብንቡር ክምዕብሉን፣ ከምኡ `ውን ጽቡቕ ዕብየት ምስ ቅኑዕ ምዕባለ ናይ ኣጕሚ፣ ምዕምባብን ጽቡቕ ዝማዕበለ ኣቕጽልትን ከርእዩ እዩ። ኣብ ዝተጸርገ ጽፍሕታት ጎድኒ ናይ መኪና መዕሸጊ ቦታ ወይ ተመሳሳሊ ቦታ ዝርከቡ ጠጠው ዝበሉ ኣግራብ ኩሉ ግዜ ናይ ማይ ሰናጡ ኣብቲ ናይ ዕብየት ወቕቲ፣ ካብ ሚያዝያ-መስከረም። ብደርቂ ዝመጽእ ሃስያ ንምጕዳል ማይ ምስታይ ስሩዕ ክኸውን ኣልዎ። እዚ ድማ ወላ ነቶም ሓደስቲ ዝተተኽሉ ኣግራብ ክሳብ ዝወሃሃዱ ዘሎ ግዜ ውን ይምለከት። ስሩዕ ምምጋብ ብመንገዲ እቶም ናይ ማይ ሰናጡ ይግበር፣ እዚ ድማ ብመሰረት እቲ ኣፍራዪ ዝሕብሮ መንገዲ ይኸውን።

እቶም ኣግራብ እንተተወሃሂዶም እቲ ድጋፍ ክእለ ኣሎዎ። ኣብቲ ቦታ ክጸንሑ የብሎምን። ዝዘለቑ ድጋፋት ክእሰሩ ኣሎውም። መታን ናይ ኣየር ምልውዋጥ ነቶም ሰራውር ክህልወኦም፣ ናይ ኣግራብ ዒላታትን ግራታን ካብ ረስሓት ነጻ ክኾኑ ኣሎዎም።

ንምርኣይ ክሕግዝ ተባሂሉ ዝግበር ጽልጸላ ብስሩዕ ዓመት ምሉእ ክግበር ኣሎዎ፣ ግን ነጕዒ ክወጽእ እንከሎ ኣብ ጽድያ ክግበር የብሉን።

ናይ ማይ ምጥጣዕን መጸይቲ ሰራውርን ኣብቲ ኣግራብ ክህሉ የብሉን። ዝተሃስዩ ኣትክልቲ ብቕልጡፍ ሪፖርት ኪግበሩን ክዕረዩን፣ ብምውካስ ንB ድማ ብመልክዕ ስእሊ ክስነዱን ኣሎዎም።

### *ክንክን*

ናይ ኣግራብ ምጽንጻል ብሓደ ኣብ ናይ ጽንጸላ ናይ ኣግራብን ክንክንን ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ብቕዓትን ኣፍልጦ ብዘዕባ ናይ ድሕነት ኣብ ናይ ትራፊክ ኣከባብን ዘለዎ በዓል ሞያ ክግበር ኣለዎ። ማእከላይ ክሳብ ዓቓባዊ ዝኾነ ጽንጸላ ኣገዳሲ እዩ። ዓበይቲ መደባት ኣብ ናይ ክንክን ኣግራብ ክኣትዉን ንB ብምውካስን።

ማይ ምስታይ ካብ ሚያዝያ ክሳብ ጥቕምቲ ብሓገዝ ናይ ማይ ሰናጡን ክግበርን ተወሰኺ ውሑድ ዓቀን ናይ ድኾዕን ክግበር ኣሎዎ። ዓበይቲ ኣግራብ ብክልተ ናይ ሰናጡ ክኸበብ ኣሎዎ። እቶም ሰናጡ እንተወሓደ ነፍሲ ወከፍ 14 መዓልታት ብስሩዕ ክምልኡ ኣልዎም።

ኣብ ሳዕሪ ዘለዎ ቦታታት ዘለዉ ኣግራብ ጥቃ እቲ ጉንዲ ዘሎ ቦታ ሓመድ ብምግባር፣ ብምጥስጣስ ወይ ብምትካል ኣብ ኣከባቢ እቲ ጉንዲ ካብ ሳዕሪ ነጻ ገይርካ ካብ ናይ ሳዕራም ቦታ ቀምቀምቲ ትከላኸለሎም።

ካብ ሳዕሪ ነጻ ዝኾነ ቦታ ኣብቲ ከባቢ ናይቶም ኣግራብ ናይ ምግባር መደብ እንተልዩ፣ እዚ ድሕሪ ምጽራይ ብB ይግበር።

ጥቓ ናይ ምንቕስቓስ ቦታ ዘለዉ ኣግራብ ዝወሓደ ናይ ምጭንፋር ቁመት፣ 2ሜ፣ ኣሎዎም።

ኣብ ናይ ሓድሽ ምትካል ቦታ ዘሎ ኣዕኑድ ድማ እንተወሓደ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ኣብቶም ቀዳሞት ክልተ ዓመት ክፍተሹ ኣለዎም። ድሕሪ እቶም ኣግራብ ምውህሃዶም እቶም ኣዕኑድ ይእለዩ።

ናይ ምጥጣዕን መጸይቲ ሰራውርን ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ይእለዩ።

ድሕሪ ምውካስ ንB ኣብ ቀውዒ/ሓጋይ ምጽንጻል ናይ ኣግራብ ይግበር፣ እቶም ዓይነት ኣግራብ ኣብ ጽድያን ክረምትን ምጽንጻል ዘየድልዮም እንተኾይኑ።

ቀራጺ ዝኾነ ጽንጸላ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ክግበር ኣለዎ። እዚ መደብ ኣብቲ መደብ ክንክን ክኣቱ ኣለዎ፣ ድሕሪ ብB ዝግበር ጽሬት ከኣ ይግበር።.

ብቀራጺ ዝኾነ ኣገባብ ዝተጸንጸሉ ኣግራብን ኣብ ናይ መወዳእታ ዓቀን ቅርጽን ዝበጽሑ ናብቲ ናይ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዓመት ደረጃ ናይ ጽንጸላ ብምምላስ ነቲ ቅርጽኒ ትርኢትን ይዕቐብ። እዚ መደብ እዚ ምስ ተወሰኺ ፍዳ ድሕሪ ጽሬት ብB ይግበር።

ካብ ሳዕሪ ነጻ ዝኾኑ ቦታታት ኣብ ከባቢ ኣግራብ ዘለዉ ካብ ጻህያይ ነጻ ኮይኖም ክተሓዙ ኣልዎም። ጻህያይ እንተወሓደ ካብ 5-6 ግዜ ኣብ ዓመት ይግበር።

## *ኣመሓያሺ ክንክን*

ትሑት ኩነታት ዘርኣዩን ናይ ውሕስነት ሓድጋ ዘልዎምን ኣግራብ ክእለዩ ኣለዎም። እዚ መደብ ንፍዳ ዝዳሎ ኮይኑ ንB ብምውካስ ድማ ይግበር።.

ዝኾነ ምስ ናይ ፍልሰት ኣግራብ ዝተሓሓዝ ወይ ምስ ካልእ ዓበይቲ መደባት ንምምሕያሽ ናቶም ኩነታት ዝተሓሓዝ ስራሕ ድሕሪ ካብ B ዝመጽእ ጻውዒት፣ ብምውካስ ንሓደ ኣማካሪ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ይግበር።

ሃስያ ብቕልጡፍን ንB ብምውካስን ይዕረ። እቶም መደባት ኣብ ናይ ገርብ ንድፊ ክስነዱ ኣለዎም።

# T1.122 ቈጥቋጥ

## *ናይ ክንክን ነገር*

መጸባበቒ ቈጥቋጥ፣ ናይ ጐምጠጥ ቈጥቋጥ፣ ዝተቀምቀሙ ናይ ሓጹር ቈጥቋጥን ዝተኲስኲሱ ቈጥቋጥን።



## *ተግባራዊ ጠለባት*

ኣትክልቲ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሳዕራም ቦታታት ዝጓሰዩ መታን እቶም ኣትክልቲ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ክኾኑ፣ ክዕምቡቡ፣ ንበር ዝኾነ ምዕባለ ከምጹ፣ ከም `ውን ከም ጥዑያት ክረኣዩን ነቲ ቦታ ከኣ ጽባቐ ክውስኽሉን እዩ። መጸባበቒ ቈጥቋጥ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ መግለጺ ክህቡን በቶም ካልኦት ዝተረፉ ቈጥቋጥ ድማ ክዕብለሉ የብሎምን። ናይ ሓጹር ቈጥቋጥ ድማ ጥቕጥቕ ዝበለን ቀጻልን ክኸውን ኣሎዎ። ጽቡቕ ቅርጺ ዓቕብ። ቈጥቋጥ ማዕረ ዝኾነን ቀጻልን መግለጺ ኣብቲ ቦታ ክህቡ ኣለዎም። ዝኾነ

ባዕዳዊ ዓይነት ኮይኑ ብገዛእ ርእሱ ኣብቲ ናይ ተኽሊ ቦታ ዝበቖለ ክፍቀደሎም የብሉን፣ ከምኒ ናይ በረኻ ቀቐብ፣ ፒዮፓን ልብኒን።

ምድኳዕ ኣብ ግዜ ጽድያ ብህይወኣዊ ነገር ክግበር ኣሎዎ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ምቃዝ ናይ ሳዕሪ ከም ተወሰኺ ዓቀን ናይ N ይኾኑ እዮም። ኣብ ግዜ ቀውዒ ድማ ዝጠስጠሰ ኣቑጽልቲ፣ ጨንገርን ዝመሽመሸ ዕንጨይትን ንጥቐም።

## ክንክን

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ፣ ጣሻ፣ ጨብጨብን መጸይቲ ስሩን 5-6 ግዜ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ።

ቈጥቋጥ መታን እቲ ናቱ ባህርያዊ ጠባይ ክዕቅብ እቲ ዳግመ ምብቁል ከኣ ዘገምታዊ እምበር ሃንድበታዊ ንኸይከውን፣ ፎኩስ ዝኾነ ጽልጸላ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ይግበረሉ።

ዝሞተ ወይ ዝተሃስዩ ጨናፍር ብቀጻሊ ኣብቲ ናይ ምዕባይ ወቕቲ ይእለዩ። ዳግም ንምብቋል ተባሂሉ ዝገብር ጽልጸላ ድሕሪ ምውካስ ንB ንተወሰኺ ፍዳ ክግበርን ኣብቲ መደብ ክንክን ሪፖርት ክኸውንን ኣለዎ።

ህይወኣዊ ነገር ኣብ ሓደ እንተ ወሓደ 5-10 ሴሜ ርጉዲ ዘለዎ ቀጸላ ኣብ ግዜ ጽድያን ቀውዕን ይግበር። እዚ ድማ ናብቲ ሓመድ ክኳዓት ይከኣል። እቲ ዓሚል ንኣቕሑን መደባትን ተወሰኺ ክፍሊት ይኸፍል።

## ኣመሓያሺ ክንክን

ዝሸፍኑን ዘይውሑስ ቦታ ዝፈጥሩን ኣቈጥቋጥን ቈጠቊጥን ንB ብምውካስ ክጽንጸሉን ቀጻሊ ዝኾነ መደብ ድማ ንB ምውካስ ክኽፈለሎምን ኣለዎ። እዚ ድማ ወላ ነቶም ዝሞቱን ዝሓመሙን ቈጥቋጥ ይምልከት። ናይ ክንክን ጽልጸላ ድማ ብመሰረት እቲ መደብ ኣብ መደብ ክንክን ተገሊጹ ዘሎ ይግበር።

# T1.1222 ዝከምከመ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር

## ናይ ክንክን ነገር

ዝተቀምቀመ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹርን ነጻ ዝበቁል ናይ ቈጥቋጥ ሓጹርን።

## ተግባራዊ ጠለባት

ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ዝተፈላለየ ቦታታት ኣብቲ ምድሪ ናይ ምፍጣር ባህሪ ክህልዎም ኣለዎ። ጥዑይ፣ ጽዑቕ ከምኡ `ውን ናይ ጽባቐን ተግባራዊ መግለጺ ዝህቡ ክኾኑ ኣለዎም። ቅርጺ ዘለዎም ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ድማ ቅኑዕ ዝኾነ ናይ ብርሃን ምስላኽ ዘኽእል ቅርጺ ክህልዎም ይግባእ። ነጻ ዝበቁል ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ድማ ጽዑቕን ጽፉፍን ቅርጺ ክዕቅብ ኣለዎ።

ምድኳዕ ድማ ብህይወኣዊ ነገር ክግበር ኣለዎ።

## ክንክን

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ፣ ጣሻ፣ ጨብጨብን መጸይቲ ስሩን ሓንሳብ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ። ናይ መደብ ዕምባባ ቦታ ካብ ኣሸጋሪ ጻህያይን ሱር-ዘስፋሕፉሑ ጻህያይን ነጻ ክኾኑን ኣለዎም።

ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ዓመታዊ ቅድሚ ማእከል ክረምቲ ይጽንጸሉ፣ ንሓጋይ ከኣ ብቀራጺ ኣኣገባብ ይጽንጸሉ። ድሕሪኡ ተወሰኺ ፎኩስ ጽንጸላ ኣብ ነሓሰ ንB ብምውካስ ይግበር።

ናይ መወዳእታ ዓቐኖም ዝበጽሑ ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ናብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረ ድረጃ፣ ንእኹል ዝኾነ ዓቐን ናይ ብርሃን ንምርካብ ዘኽእሎም ናብ ውሽጢ ቅኑንነት ብምሓዝ ቀራጺ ብዝኾነ መንገዲ ይጽንጸሉ። እዚ ድማ ኣቀዲምካ ኣብቲ ናይ ምዕባይ ወቅቲ እቲ ቅርጽን ትርኢትን ንምዕቃብ ይግበር። ናይ ሓጋይ ጽንጸላ ድሕሪ ምውካስ ንB ንተወሰኺ ፍዳ ይግበር። ዝተወስደ ስጉምቲ ድማ ኣብቲ መደብ ክንክን ክምዝገብ ኣለዎ።

ዝሞቱ ኣትክልቱ ይእለዩ እዮም።

ምድኳዕ ኣብ ግዜ ጽድያ ብህያውኣዊ ነገር እዩ ዝግበር። ጽቡቕ ዝበሃል ነገራት ከኣ ናይ ላም ድኰዒ፣ ኮምፖስትትን ጐደፍን እዮም። እቲ ነገር ከኣ ኣብ ሓደ ከባቢ 5-10 ሴሜ ርጉዲ ዘለዎ ቀጸላ ፋሕ ይብል። B ነዞም ነገራት እዚኦም ተወሰኺ ይኸፍለሎም።

*ኣመሓያሺ ክንክን*

ዝሞቱ ወይ ዝሓመሙ ኣካላት ናይ ቈጥቋጥ ሓጹር ብሓድሽ ይትክኡ፣ እዚ ግን ድሕሪ ምውካስ ንB ይግበር።

## T1.1223 ዝተኲስኲሰ ቈጥቋጥ

*ናይ ክንክን ነገር*

ዝተኲስኲሰ ቈጥቋጥ ንኹሎም ዓይነት ብብዙሕ ዓቐንን ናይ ግዳሚ ክፍሊ ስምዒት ዝፈጥሩን፣ ከምኡ `ውን ዶባት ዝፈጥሩን ቈጥቋጥ ይምልከት።.

*ተግባራዊ ጠለባት*

ዝተኲስኲሰ ቈጥቋጥ ከም ሓደ መፈላለዪ ቦታ ክረኣን ብጽባቐኡ ድማ ሰሓብን ክኸውን ኣለዎ። ጥዑይነትን ተግባራዊ መግለጽን ከመሓላፍ ኣለዎ። ነቲ ሓፈሻእዊ ትርኢት ዘበላሽዉ ሃህ ዝበለ ቦታን ካልኦት ባዕዳውያን ባእታትን ክህልዎ የብሉን። እቲ ቈጥቋጥ ዝኾነ ዘይውሑስ ቦታ ክፈጥር የብሉን። ብክዕምብብን ፍረ ከውጽእን ዝኽእል ዓሌት ቈጥቋጥ ዝመልአ እንተኾይኑ ከኣ ከምኡ ከውጽእ ይኽእል እዩ።

ምድኳዕ ድማ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ብህይወኣዊ ነገርን ዝጠስጠሰ ነገርን ኣብ ቀውዒ ክግበር ኣለዎ፣

*ክንክን*

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ፣ ጣሻ፣ ጨብጨብን መጸይቲ ስሩን ሓንሳብ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ።

ቈጥቋጥ መታን እቲ ናቱ ባህርያዊ ጠባይ ክዕቅብ እቲ ዳግመ ምብቋል ከኣ ዘገምታዊ እምበር ሃንድበታዊ ንኸይከውን፣ ፎኩስ ዝኾነ ጽልጸላ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ይግበረሉ።

ዝሞቱን ዝተሃስዩን ጨናፍር ሓንሳብባብ ዓመት ይእለዩ።

ዳግም ንምብቋል ተባሂሉ ዝገብር ጽልጸላ ድሕሪ ምውካስ ንB ንተወሰኺ ፍዳ ክግበር ኣለዎ። ኣብቲ መደብ ክንክን ሪፖርት ክኸውንን ኣለዎ።

ምድኳዕ ብህይወኣዊ ነገር ከምኒ ናይ ላም ድኾዒ፣ ኮምፖስትትን ጐድፍን ኣብ ሓደ ካብ 5-10 ሴሜ ዝኸውን ቀጸላ። እቶም ኣቑሑ ድማ ብB ይኽፈሉ።

*ኣመሓያሺ ክንክን*

ኣብቲ ቈጠቍጥ ዘሎ ቈጥቋጥ ዝሓመመ፣ ዝተሃሰየ ወይ ከኣ ዝሞተ ንB ብምውካስ ይእለዩ።

## T1.123 ጽገሬዳታት

### ናይ ክንክን ነገር

ዝተፈላለዩ ዓይነት ጽገሬዳታት ከምኒ ቈጥቋጥ፣ ዝሓኹሩን ትሒቶም ዝበቕሉ ዓይነት ጽገሬዳታትን።

### ተግባራዊ ጠለባት

ነፍሲ ወከፍ ናይ ጽገሬዳ ዓይነት ጥዑይን ሰሓብን ትርኢት ክህብ ኣለዎ። ነቲ ዓሌት ቅኑዕ ዝኾነ ዓይነት ዕብየትን ጽቡቕ ምዕንባብን ኣለዎ። ከም ጻህያይ መሳሊ ዝኾነ ዘራጊ ዝኾነ ባእታ ክህሉ የብሉን። ማይ ምስታይን ምድኳዕን ዓመታዊ ኣብ ጽድያ ኣብ መላእ እቲ ወቕቲ ክግበር ኣለዎ።

### ክንክን

እቶም ጽገሬዳታ ነፍሲ ወከፍ ጽድያ እዮም ዝጽንጸሉ። ሰለስተ ቀንዲ ጨናፍር ክዕቀቡ ኣሎዎም። እቶም ናይ ጽንጸላ ምቁራጽ ኣብ ልዕሊ እቶም ንደገ ዝርእዩ ኣጕሚ ይግበር።

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ ካብ 5-6 ግዜ ኣብ ሓደ ዓመት ክግበር ኣለዎ።

ናይ ክረምቲ ጽልጸላ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ። ዝሃሰሰ ኣተዓናተብባን ዝኾነ ጨብጨባን ተቖሪጾም ይእለዩ።

ምድኳዕ ኣብ ግዜ ጽድያ ብህያውኣዊ ነገር እዩ ዝግበር፣ ብከምኒ ላም ድኵዒ፣ ኮምፖስትን ጐደፍ፣ ኣብ ሓደ ከባቢ 5-10 ሴሜ ርጉዲ ዘለዎ ቀጸላ ይግበር። B ነዞም ነገራት እዚኦም ይኸፍለሎም።

### ኣመሓያሺ ክንክን

ዝሞቱ፣ ዝተሃሰዩ ከምኡ ‘ውን ዝሓመሙ ጽገሬዳታት ንB ብምውካስ ይግበሩ። እዚ ነቶም ዝሓመሙ ኣቝጽልቲ ናይ ኣትክልቲ እውን ይምልከት። እዚ ተግባር እዚ ኣብቲ መደብ ክንክን ክጸሓፍ ኣለዎ።

## T1.124 ዝሓኹሩ ኣትክልቲ

### ናይ ክንክን ነገር

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝሓኹሩ ኣትክልቲ፣ ዝሓኹሩን ደገፍ ዘድልዮምን። ንኣብነት፣ ክሊማቲስ፣ ካፕሪፎልዮ፣ ሓረግ ቪርጂንያ፣ ሮቮ፣ ወይኒን ፍረ-ኪዊን ወዘተ።

### ተግባራዊ ጠለባት

ዝሓኹሩ ኣትክልቲ ሰሓቢ ዝኾነ ጽባቐን ትግባረዊ ኣገላጻን ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ዕምባታት፣ ፍረታትን ኣቝጽልትን ጥዑነትን ሓድሽነትን ክረአ ኣለዎ።

### ክንክን

ናይ ክንክን ጽልጸላ ዓመታዊ ክካየድ ኣለዎ። ዝሞተ፣ ዝተሃሰየን ዝሓመመን ሓረግን ጨናፍር ተቖሪጾም ይእለዩ። እዞም ባዕሎም ክሓኹሩ ዘይክእሉ ዓሌት ምስቲ ዝዓብይሉ ጽፍሒ ይቈረኑ።

ኣብ ፋሳድ ዝርከቡ ዝሓኹሩ ኣትክልቲ ኣብ ጎድኒ መስኮት፣ ቀጽቀጽ ናይ ናሕሲ፣ ወዘተ ብዝግበር ጽልጸላ ይድረቱ።

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ 5 ግዜ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ። ማይ ምስታይ ኣብ ግዜ ነዊሕ እዋን ናይ ጽምኣት ወይ ኣብ ግዜ ሓድሽ ምትካል ከምኡ `ውን ድሕሪ ጽገና ይግበር።

ምድኳዕ ክልተ ግዜ ኣብ ሓደ ኦኣመት ይግበር። ኣብ ጽድያ ብናይ ላም ድኵዒ፣ ኮምፖስትን ጐድፍን ኣብድ ግዜ ቀውዒ ድማ ብዝጠስጠሱ ኣቝጽልትን ዝመሸመሸ ዕንጨይትን ይግበር። እቶም ኣቕሑ ብB ይኸፈሉ።

### *ኣመሓይሺ ጽገና*

ዝሞተ፣ ዝሓመመን ዝተሃስየን ኣትክልቲ ይእለን ንB ብምውካስ ድማ ይቕየር።

## T1.125 ዘየባትኽ ኣትክልቲ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ዘይባትኽ ዓልመታይ ኣትክልቲ ኮይኖም ኣብ ቀውዒ/ሓጋይ ዝሓሩ። ዘየባትኽ ኣትክልቲ ዝተፈላለየ ናይ ሰፈር ጠለባት ኣልዎም፣ ብዝተፈላለየ መለክዒታት ከኣ ይጎጃጀሉ። ንኣብነት፣ ናይ ምድሪ ሽፋን ዝየባትኽ ኣትክልቲ፣ ቁማታትን ዝዕምቡብን ዘየባትኽ ኣትክልቲ ወዘተ።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ዘየባትኽ ኣትክልቲ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሳዕራም ቦታታት ዝዓሰዩ መታን እቶም ኣትክልቲ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ክኾኑ፣ ክዕምቡቡ፣ ንቡር ዝኾነ ምዕባለ ነቲ ዓሌቶም ከምጹ እዩ። ዝዕምብቡ ዘየባትኽ ኣትክልቲ ሓድሽነት ከርእዩ፣ ቆጻል ኣትክልቲ ድማ ዝቡቓትን ጥዑያትን ክመስሉ ኣሎዎም።

ኣሽገርቲ ጻህያይን ዘስፋሕፍሑ ሱር ዘለዎም ጻህያይን ኣብቲ ቦታ ክርከቡ የብሎምን።

ማይ ምስታይ ኣብ ግዜ ጽምኣትን ኩሉ ግዜ ድሕሪ ሓድሽ ምትካልን ክግበር ኣለዎ።

ምድኳዕ ብህይወኣዊ ነገር ኣብ ግዜ ጽድያን ቀውዕን ይግበር።

### *ክንክን*

መካኒካዊ ቁጽጽር ናይ ጻህያይ ሰለስተ ወይ ልዕሊኡ ግዜ ኣብ ዓመት ክግበር ኣለዎ።

ምክምካም ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ክግበር ኣሎዎ። ዝሞተን ዝሃሰሰን ኣካላት ናይ ተኽሊ ክእለዩ ኣለዎም።

ምድኳዕ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ብህያውኣዊ ነገር ብከምኒ ናይ ላም ድኰዒ፣ ኮምፖስትን ጐደፍ፣ ኣብ ሓደ ከባቢ 5-10 ሴሜ ርጉዲ ዘለዎ ቀጸላ ይግበር። ኣቐጽልቲ ምስ ዝመሸመሸ ዕንጨይትን ሽፈንቲ ዘየባትኽ ኣትክልቲ ኣብ ግዜ ቀውዒ ብንፋስ ክንፍሑን ኣሎዎም።

ዘየባትኽ ኣትክልቲ ኣብ ግዜ ጽድያ ተመሊሶም ይቁረጹ።

ማይ ምስታይ ኩሉ ግዘኢ ኣብ እዋን ጽምኣት ክግበር ኣሎዎ።

ዝሞቱን ዝተሃስዩን ኣትክልቲ ድማ ይእለዩ።

ናይ ዘየባትኽ ኣትክልቲ ምምቕቓል ኣብ ጽድያን ቀውዕን ይግበር።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ዝሞተ፣ ዝተሃስየን ዝሓመመን ዘየባትኽ ኣትክልቲ ንB ብምውካስ ይልወጡ። ኣቕሑ ብB ይኽፈሉ። ዓቢ ዝተጸገነ ዕንወት ኣብቲ መደብ ክንክን ሪፖርት ክኽውን ኣሎዎ።

## T1.1253 ሽጕርቶ(ዓካር) ኣትክልቲ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ኣብ ግዜ ጽድያን ቀውዕን ዝዕምብቡ ዓካር።

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ሽጕርቶ ኣትክልቲ ከምኒ ሺላ፣ ክሮኩስ፣ ጡሊባ፣ ናይ ቀውዒ ክሮኩስ፣ ወዘተ

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ሽጉርቶ ኣትክልቲ ከም ጥዑያትን ጽቡቓትን ኮይኖም ክረኣዩ ኣልዎም። ሰሓብቲ ዝኾኑ ቦታትት ኣብ መጀመርያ ወይ መወዳእታ ናይ ጽድያን ቀውዕን ክምስርቱ ኣሎዎም። ዕምባባታትን ኣቑጽልትን ኣብቲ ወቕቲ ጽቡቕ ዕብየት ኣሎዎም።

ምድኳዕ ናይ ዓካር ኣብ ግዜ ምዕንባብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ጽድያ ይግበር።

*ክንክን*

ጻህያይ ኣብቲ ናይ ምዕባይ ግዜ ካብ 3-5 ግዜ ይግበር። እዚ ፍማ ነቲ ኣብ መደብ ዕምባባታት ዘሎ ዓካር ይምልከት።

ምድኳዕ ብሑጻ መሰል ድኾዒ (NPK)ን ኣብ መጀምርያ ናይቲ ወቕቲ ክዕምብቡ ከለዉ ዘሎ ድማ ብዝነቐጸ ደም ናይ እንስሳታት ይግበር።

ማይ ምስታይ ጽድያ ንቑጽ እንተኾይኑን እቲ ምድሪ እንተ በሪዱን ይግበር።

ሽጉርቶ ኣትክልቲ ምስ ቀምሰሉ ክቑረጹ ኣለዎም።

*ኣመሓያሺ ክንክን*

ዝጠፍኡ ዓካር ብሓደስቲ ኣብ ቀውዒ ይልወጡ። እዚ ተግባር እዚ ንB ብምውካስ ይግበር። ሓድሽ ዓካር ድሕሪ መበል 40 ሰሙን ክትከል የብሉን።

## T1.126 ኣብ መደብ ዕምባባታት ዝትከል ኣትክልቲ

*ናይ ክንክን ነገር*

ናይ ጽድያ፣ ክረምቲ ከምኡ `ውን ቀውዒ ዕምባባታት ኣብ መደብ ዕምባባታት፣ ሰጹን መስኮትን ዳንሰን።

*ተግባራዊ ጠለባት*

ናይ ኣብ መደብ ዕምባባታት ዝትከሉ ኣትክልቲ ቀንዲ ጥቕሚ ንከመላኽዑን ከጸባብቑን እዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ናይ ዘርኢ ቦታታት ጽሩይ፣ ጥዑይን ጽቡቕን ክኸውን ኣለዎ።

ዝሞተን ዝተሃስየን ተኽሊ ኽእለ ኣለዎ።

ኣብቲ ወቕቲ ጽቡቕ ዕብየትን ምዕምባብን ንምምጻእ ምድኳዕ ብስሩዕ ይግበር።

*ክንክን*

መስኖን ምክምካምን ካብ 1-3 ግዜ ኣብ ሰሙን ኣብ መላእ እቲ ናይ ምዕባይ ወቕቲ ክግበር ኣለዎ።

ዳንሰ/ሰጹን ኣብ ደገ ይቕመጡን ብሓድሽ ዝኾነ ሓመድ ድማ እንተ ደንጎዩ ብዕለት 1 ናይ ሚያዝያ ይምልኡ።

ምትካል ሰለስተ ግዜ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ይካየድ፣ እዚ ድማ ብሓደ ንB ብምውካስ ዝተገብረ መደብ መሰረት ይካየድ።

መካኒካዊ ናይ ቁጽጽር ጻህያይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣጋጣሚ ናይ መስኖን ምክምካምን ክካየድ ኣለዎ።

ምድኳዕ ምስ መስኖ ብምስናይ ብNPK (ምሉእ ድኾዒ) ወይ ከኣ ፍሉይ ድኾዒ ንኣብ መደብ ዕምባባታት ዝትከሉ ኣትክልቲ ዝግበር ብሜ$^2$ ይግበር።

ምእሳር ዓበይቲ ዕምባባታት።

ዳንሶ/ሳጹን ጥርሖም ተገይሮም ንናይ ሓጋይ ምኽዛን ናብ ውሽጢ ብዕለት 31 ታሕሳስ ይኣትዉ። ዝሞተ፣ ዝተሃስየን ዝሓመመን ኣትክልቲ ይእለዩ።

*ኣመሓያሺ ክንክን*

ንB ብምውካስ ናይ ኣብ መደብ ዕምባባታት ዝትከሉ ኣትክልቲ ምልዋጥ ይግበር።እዚ ዕማም እዚ ስራሕ ናይ "ÄTA" (ተወሳኽን ምቅያርን) ኮይኑ ብB ይኸፈል።

## T1.2 ናይ ምድሪ ሽፋን

*ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት ጽርግያን ካልኦት ብእምኒ፣ ጡብ፣ ናይ ካሻስትሩስ ቀጸላ፣ ኣስፋልት፣ ኲረት፣ ዕንጨይቲ፣ ዝተሸፈኑ ጽፍሕታት ከምኒ ዛላ፣ ገበላ፣ ዝተገለለ መረባ ኣብ መሬት ወይ ኣብ ጎድኒ ህንጻታት፣ ሜዳ መጻወቲ።

ናይ ግዳም መዐሸጊ መኪና ቦታ ድማ ኣብዚ ተጠቒሱ ኣሎ። ናይ ውሽጢ ቦታታት ናይ ጋራጅ ድማ ኣብ T3.25, ተክኖሎጂ 99 ተጠቒሱም ኣሎዉ።

*ተግባራዊ ጠለባት*

ውሑስን ጸገም ዘይብሉን መጓዓዝያ ኣብ ጽርግያን ካልእ ጥጡሕ ጽፍሕን መታን ክህሉ እዚ እዚ ውዕል ክትግበር ኣሎዎ። ዕንወት ብቕልጡፍ ናብ B ይሕበር።

እቲ ጽፍሒ ካብ ረስሓት፣ ጻህያይ፣ ናይ ኣቍጽልቲ ምእካብ ሰበባን ካልኦት ነገራትን ነጻ ክኸውን ኣሎዎ።

እቲ ጽፍሒ ምሉእ፣ ጽሩይን ውሑስን ክኸውን ኣለዎ።

ግራፊቲን ካልእ ግብረ-ጸይቅን ብቕልጡፍ ይተሓዙ።

ክንክንን ጽገናን ኣብ ብንኣከባቢ ምቹእ ዝኾነ ኣገባብ ክካየዱ ኣለዎም።

ኣብ ናይ ምድሪ ሽፋን ዘራጊ ዝኾነ ሓሓሊፍካ ምእታው ናይ ጻህያይ መታን ከየጋጥም ቁጽጽር ጻህያይ ክግበር ኣሎዎ።

*ክንክን*

<u>ህዝባዊ ጽሬት</u>

ጽፍሕታት ካብ 1 መጋቢት ክሳብ 31 ታሕሳስ ብምጥቕላልን ኣብ ናይ ሓጋያ ኣዋርሕ ድማ ባዶ ምድሪ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ህዝባዊ ጽሬት ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ይረኽቡ።

ኣብ ካልእ እዋናት ማለት በረድ ክሃርም እንከሎ፣ ቦታታት ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ህዝባዊ ጽሬት ይረኽቡ፣ ናይ በረድ ምሽፋን ኣብ ዝህልወሉ እዋን ድማ ውሑድ ግዜ ጥራይ ይረኽቡ።

*ኣመሓያሺ ክንክን*

ዘጋጥሙ ጸገማት ብመልክዕ ስእሊ ተሰኒዶም፣ እቲ ንሓጋይ ዝግበር ናይ ጽርግያ ምትዕርራይ ወቕቲ ምስ ተወደአ ሪፖርት ይኾኑ።

ዝተወስዱ ስጉምታት ግዴታ ናይ E እንተኾይኖም ይኸፈሉ፣ እንተ ዘይኮነ ብB ይኸፈሉ።

## T1.21 ናይ እምኒ፣ ጡብ፣ ናይ ካሽስትሩስ ቀጸላ፣ ጀያን ኣስፋልትን ጽፍሒታት

### ናይ ክንክን ነገር

ንኣብነት ጽርግያን ካልእ ብእምኒ፣ ጡብ፣ ናይ ካሻስትሩስ ቀጽላታት ወይ ኣስፋልት መግትኢ ውን ዘጠቓለለ ዝተሸፈኑ ጽፍሕታት ከምኒ ናብ ናይ ብሕቲ ገዛ ዝወስድ ጽርግያ፣ መገዲ እግርን ናይ ብሽግለታ መንገድን፣ መዕሸጊ መኪና፣ ሜዳ ስፖርትን መረባ ከምኡ `ውን መጻወቲ ሜዳ።

### ተግባራዊ ጠለባት

ኩሎም ጽፍሕታት ካብ ረስሓት፣ ዓጋቲ ነገርን ካልኦት ነገራትን ክጸሪ ኣለዎ።

እቲ ቕኑዕ ዝኾነ ክብታ ናይ ጽፍሒ ቀጸላ (3-5ሴሜ) መታን ክርከብ፣ ናይ ኲረት ጽፍሕታት ማዕረ ኮይኖም ክተዓራረይን ብኲረት ክሸፈኑን ኣለዎም።

ካብ 31 ግንቦት ኣብ ዘይድሕር ግዜ ኣብ ጽድያ ህዝባዊ ጽሬት ይካየድን ዝኣረገ ሳዕርን ሰበባን ድማ ይእለዩ።

ናይ ኣስፋልት ጽፍሕታትን መዕገቲ ኣእማንን ምሉኣትን ጽሩያትን ክኾኑ ኣለዎም።

ኩሎም ጽፍሕታት ህዝባዊ ጽሬት ክረኽቡን ካብ ረስሓትን ጒሓፍን ነጻ ክኾኑ ኣሎዎም።

### ክንክን

ጽፍሕታት ናይ ኣስፋልትን ናይ ካሻስትሩስ ቀጸላታትን ነፍሲ ወከፍ ጽድያ ብማሽን ይውልወሉ (ፍሩይን ደቂቕን)፣ ኣብ ግዘኢ ደቖቕ ምውልዋል ናይ ኢድ ምውልዋል ክግበር ይከኣል። ድሕሪ ናይ ጽድያ ጽሬት ኣብቲ ልዕሊ እቲ ጽፍሒ ዝኾነ ጸረ-ሽታሕታሕ ክተርፍ የብሉን።

ኣብቲ ኩሎም ጽፍሕታት ጸህያይ እንተወሓደ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ክካየድ ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ዕማም ናይ ጸህያይ ኣብ 31 ግንቦት ክካየድ ኣለዎ።

### ኣመሓያሺ ክንክን

ዝዓነዉ ናይ ምድሪ ጽፍሕታትን ጉድለታት ኣብቶም ሽፋናትን ኣብ B ሪፖርት ክኾኑን ክስነዱን ኣለዎም። መደባት ከም ተወሳኺ ስራሕ ናይ “ÄTA” (ተወሳኽን ምቕይያርን) እዮም ዝእዘዙ። ጋወታትን ካልኦት ናይ ኣስሓይታ ዕንወታት ድማ ኣብ ጽድያ ይዕረዩ፣ እዚ ድማ ንB ብምውክስ ይግበር።

## T1.23 ናይ ዕንጨይቲ ሽፋን ዘልዎም ጽፍሕታት

### ናይ ክንክን ነገር

ንኣብነት፣ ናይ ዕንጨይቲ ሽፋን ዘለዎም ጽፍሕታት መግትኢ ብምጥቅላል ከምኒ ዘላ፣ ገበላን መረባን።

### ተግባራዊ ጠለባት

ዕንጨይቲ ሽፋን ዘለዎም ጽፍሕታት ብጽቡቕ መታን ክሰርሑ ጽገናን ክንክንን ክግበረሎም ኣለዎ። ክጸርዩን ዝኾነ ንተቐመጢ ሓደጋ ከውርድ ዝኽእል ጉድለት ድማ ክህልዎም የብሉን። ነቲ ገዛ ጽባቐ መታን ክህቡ ናይ ዕንጨይቲ ሽፋን ብክንክን ክተሓዙ ኣለዎም።

እቶም ጽፍሕታት ንመንገዲ ዘገልግሉ እንተደኣ ኮይኖም ካብ በረድ ክጸርዩን ሸተት ንከየብሉ ድማ ጸጸር ክግበረሎምን ኣሎዎ። እዚ ግን ብሑጻ ክግበር የብሉን፣ ኣዕናዊ ስለ ዝኾነ።

### ክንክን

ጽፍሕታት ኣብ ጽድያን ቀውዕን ብሳምና ወይ ካልእ ባይሎጂካዊ ነገር ይጸርዩ። ገለ ጽፍሕታት ብጽቕጠት ክሕጸቡ ይኽእሉ።

ዘይቲ ዘሎዎም ናይ ዕንጨይቲ ጽፍሕታት ነፍሲ ወከፍ ጽድያ ዘይቲ ይግበረሎም።

ፈተሻን ጽሬትን ብስሩዕ ይግበሩ።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ጉድለታት ብቕልጡፍ ይሕበሩን ንፀ ብምውካስ ድማ ይጽገኑ. ኩሎም ጉድለታትን ሕጽረታትን ክሰኣሉን ዕለቶም ክምዝገብ ኣለዎ።

## T1.3 ቀዋሚ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬት

### *ክንክን ነገር*

ንኣብነት ምሕጻር፣ መእተዊ መሳርያታት፣ ናይ ጸወታን ስፖርትን መሳርሒ፣ ንናይ መኪና መዐሸግን መሐንበስን ዝኸውን መሳርሒ።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ቀዋሚ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬት ዘለዉ ከምቲ ዝድለ መታን ክሰርሑ ብክንክን ክተሓዙን ክጽገኑን ኣለዎም። ክጸርዩን ዝኾነ ጉድኣት ከውርድ ዝኽእል ጉድለት ድማ ዘይብሎምን ክኾኑ ኣለዎም። በቲ ዝግበር ስሩዕ ፈተሻን ምሕባርን ናይ ሕብርን ስራሕን ጠለባት ክማልኡ ኣሎዎም።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ንኣብ ኣብ ምዕቡል መሬት ዘሎ ቀዋሚ መሳርሒ ዝኸውን ፓሎ፣ ንተወሳኺ ፍዳ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጽድያ ይፍተሹን ትኽ ይብሉን። እቶም መሳርሒታት ናይ ሰብ መዚ ጠለባት ከማልኡን ቅልጡፍ ፍታሕ ክግበረሎምን ኣለዎ።

## T1.31 ሓጹርን መእተዊ መሳርያታትን

### *ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት፣ ናይ ሽኻል ሓጹራት፣ ሓጹራት፣ መደገፍታ፣ መደንደሊ፣ መናድቕ፣ ናይ ካሻስትሩስ ናይ ትራፊክ መዕገቲ፣ማዓጹን ሞተረታትን ናይ ቁጽጽር መሳርያታትን ዘጠቓልል መታወር።

ጽንብር ሊኬቶ፣ ናይ መእተዊ ቁጽጽርን ናይ ማዕጾ ተለፎናትን ኣብ T6, ተክኖሎጂ 99 ተጠቒሶም ኣሎዉ።

### *ተግባርዊ ጠለባት*

ኣብቲ ሓጹርን መእተዊ መሳርያታትን ብዘሎ ጉድለት ዘይፍቖድ ምእታው ከምዘይከኣል ኮይኑ እቲ ናይ ውዑል ስራሕ ክፍጸም ኣለዎ። ሓጹርን መእተዊ መሳርያታትን ምሉኣትን ጽሩያትን ክኾኑ ኣለዎም። ስራሕ ክንክን ክግበረሉን ፈተሻ ከኣ ብስሩዕ ክግበርን ኣልዎ።

### *ክንክን*

ሓጹራት፣ መደንደሊ፣ ማዓጹን መታወራትን ሓንሰብ ኣብ ዓመት ይጸርዩ።

ስራሕ ናይ ሊኬቶን ወንድወንዶን ኣብ ማዓጺን መታወራትን፣ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ወይ ልዕሊኡ ይፍተሽ፣ ዘይትን ምትዕርራያትን ድማ ይግበረሉ።

ስራሕ ናይ መእተዊ መሳርያታት ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ፣ ጸገም ኣብ ዝህልወሉ ድማ ልዕሊኡ ይፍተሽን ይተዓራረይን።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ሓደ ናይ ውሕስነት ሓደጋ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ንተወሳኺ ፍዳ ኣመሓያሺ ክንክን ብቕልጡፍ ክግበር ኣለዎ። ሰፊሕ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ ኣብ ዘድልየሉ እዋን፣ ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳድካ ንB ተወከስ።

## T1.32 ናይ ጸወታን ስፖርትን መሳርሒ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት፣ ጐቢ-ሑጻን መጻወቲ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬትን፣ ንኵዕሶ እግሪ፣ ተኒስን ኵዕሶ ሰኪዐትን ዝኸውን ናይ ስፖርት መሳርሒ።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ናይ መጻወቲ ሜዳን መጻወቲ መሳርሒታትን ክንክን ጽገናን ነቲ ኣብ SS-EN 1176-1–7ን SS-EN 1177ን ዘሎ ጠለባት ከማልእ ኣሎዎ።

### *ፈተሻ*

ብመሰረት ኣብ SS-EN 1176-7ዘለዉ ሕግታት ዝሕብርዎ ብዝሒ እቲ ንውሕስነት ዝግበር ናይ መጻወቲ ሜዳ ፈተሻ ክግበር ከም ዘለዎ ይገልጽ።

ፈተሻ ናይ መጻወቲ ሜዳን ናይ መጻወቲ ሜዳ መሳርሒታትን ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ክካየዱን ብጽሑፍ ሪፖርት ክኾኑን ኣለዎም።

### *ክንክን*

ብመሰረት ኣብ SS-EN 1176-7 ዘለዉ ሕግታት እቲ ንውሕስነት ዝግበር ናይ መጻወቲ ሜዳ ክንክን ክግበር ከም ዘለዎ ይገልጽ።

ናይ ድሕነት ፈተሻ ናይ መጻወቲ ሜዳን ናይ መጻወቲ ሜዳ መሳርሒታት ብሓደ ብቑዕ ዝኾዕነ ፈታሻይ ሓንሳብ ኣብ ሓደ ዓመት ክግበሩ ኣለዎም። ናይ ስራሕ ፈተሻ ነፍሲ ወከፍ ስለስተ ወርሒ ብሰራሕተኛታት ምስ መሰረታዊ ትምህርቲ ክግበር ኣለዎ። ፈተሻ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ወይ መዓልቲ ይግበር።

ዓመታዊ ፈተሻ ናይ መጻወቲ ቦታታትን ናይ መጻወቲ ሜዳ መሳርሒታትን ብሓደ ፍሉይ ፍልጠት ናይ ኣብ SS-EN 1176 ዘለዉ ሕግታት ክግበር ኣለዎም።

ወርሓዊ መርመራ ኣብ ዝግበረሉ እዋን፣ ጽንዓትን ስራሕን እውን ክምርመሩ ኣለዎም።

እዞም ዝስዕቡ ናይ ክንክን ስጉምትታት ከምቲ እቲ ናይ ኣፍራዪ መምርሒታት ዝሕብሮ ዓቀንን ብዝሕን ክግበሩ ኣለዎም፣ እንተኾነ ግን እንተወሓደ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን።

- ህዝባዊ ጽሬት
- ጽሬት
- ናይ መላገቢታት/መእሰሪ/መሕቈፍያ  እንደገና ምስጣም
- ነቲ ነውጺ ዝውሕጥ ጽፍሒ ናይ ነገራት ብ SS-EN 1176 ዝጠልቦ ገይርካ እንተወሓደ ናብ 500ሚሜ ክሕደስ ኣለዎ።
- ናይ ኣድማሳዊ ዝኾኑ መላግቦታት ልስለሳ
- ነቲ ኣብ ጕቢ-ሑጻ ዘሎ መጻወቲ ሑጻ ከም ብሓድሽ ምምላእ
- ኣብ መጻወቲ ሜዳ ዘሎ ሑጻ ይጠሓን፣ ይጽጸ ወይ ከኣ ይቕየር።.

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ኣመሓያሺ ክንክን ንተወሰኺ ፍዳ ብቕልጡፍ ክግበሩን ናብ B ክሕበሩን ኣለዎም።

ዝተሰብረ ወይ ጉድለት ዘለዎ መጻወቲ ሜዳ ወይ ናይ ጸወታ መሳርሒታት ክሳብ ዝዕረ ወይ ፋሕ ፋሕ ዝብል ቆልዑ ከይጥቕምሉ ይሕጸር ወይ ከኣ ብገመድ ይኽለሉ።

## T1.38 ዝተፈላለየ ቀዋሚ መሳርሒ ኣብ ምዕቡል መሬት ዘሎ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት፣ ዓንድታት፣ ኣብ ምዕብሉ መሬት ዘለዉ ምልክታትን ፋሳድን፣ ናይ ጕሓፍ ታኒካ፣ መንገፍ ሽጋራ፣ ባንዴራታት፣ ናይ ባንዴራ ፖሎታት፣ ንብሽግላታ መቐመጢ ዝኸውን መሳርሒ፣ ናይ ምንጻፍ መስቀሊ፣ መንቀጺ ክዳውንትን ስራሕ ኢደ-ጥበብን ወዘተን።

### *ተግባራዊ ጠለባት*

ናይ ጕሓፍ ታኒካታትን መንገፍ ሽጋራን ቅድሚ ልዕሊ ዓቕን መሊኦም ኣብቲ ከባቢ ደስ ዘይብሉ ዚኾኑ ጥርሑም ይኾኑ። ዓንድታት፣ ሰንደቓትን ካልኦት መሰርሒታትን ካብ ግራፊቲን ግስርጥናን ነጻ ክኾኑ ኣሎዎም።

### *ክንክን*

መሰርሒ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ይጸረ፣ እዚ ድማ ኣብ ክልተ ኣጋጣሚታት ምስቲ ዓመታዊ ናይ ጽሬት መዓልቲ ብምውህሃድ ይግበር። ምልክታት ካብ ግራፊቲን በረድን ነጻ ይኾኑ።

ናይ ጕሓፍ ታኒካትን መንገፍ ሽጋራን ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ጥርሑም ይኾኑን እንተወሓደ ከኣ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ይጸርዩ።

ዓንድታት ከኣ ትኽ ይብሉ።.

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ዕንወትን ጉድለታትን ን B ሪፖርት ክግበር ኣለዎ። ናይ መሰርሒ ምልዋጥ ናይ መሰርሒታት ን B ብምውካስ ይግበሩ።

## T1.41 ናይ ግዳም ኣቕሑ ገዛ

### *ናይ ክንክን ነገር*

ቀዋሚ ወይ ተንቀሳቓሲ ኣቕሑ ገዛ።

### *ክንክን*

ተንቀሳቓሲ ኣቕሑ ገዛ ካብ መኽዘን ኣብ ግዜ ጽድያ ይወጹ፣ ኣብ ግዜ ቀውዒ ከኣ ናብ መኽዘን ይምለሱ ወይ ከኣ ዓሚል እንተሓቲቱ ይሸፈኑ።

ናይ ግዳም ኣቕሑ ገዛ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ይጸርዩ፣ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ድማ ዘይቲ ምግባር የድልዮም።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ጉድለታትን ዕንወትን ብቕልጡፍ ናብ B ይሕበሩ።

## T1.81 ንምሕደራ ጕሓፍ ዝኸውን ቦታ (ናይ ዳግመ መስርሕ ንቑጣ)

### *ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት፣ ንናይ ገዛ ጕሓፍ መትሓዚ ዝኸውን ናይ ጕሓፍ መትሓዚ፣ ገዚፍ ጕሓፍን ዳግማ ኪምስርሑ ዝኽእሉ ፍርያት ምስቲ ከባቢ።

### *ፈተሻ*

ናኹ ጽፉፍነትን ውሕስነኣትን ፈተሻ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ክካየድ ኣሎዎ።

### *ክንክን*

ኣብ ግዜ ፈተሻ ካብቲ መትሓዚ ወጻኢ ዘሎ ጕሓፍ ናብቲ መትሓዚ ይመልኡ።

ኣብ ግዜ ፈተሻን ጽሬትን ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ህዝባዊ ጽሬት ይካየድ።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ጉድለታትን ዕንወትን ብቕልጡፍ ናብ B ይሕበሩ።

## T1.83 መረባታት

### *ናይ ክንክን ነገር*

ንኣብነት፣ መረባታት፣ ዛላታትን ገበላታትን ኣብ ማዕረ ናይ ምድሪ ክብታ።

### *ፈተሻ*

ናይ ሓባር መረባታት ካብ 1 ሚያዝያ ክሳብ 15 ሕዳር ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ክፍተሹ ኣሎዎም።

### *ክንክን*

ናይ ጸህያይ ቁጽጽር ካብ ሚያዝያ ክሳብ መስከረም ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ 5-6 ግዜ ኣብ ዓመት ክካየድ ኣለዎ።

ምስቲ ፈተሻ ብምትእስሳር ህዝባዊ ጽሬት ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ክግበር ኣለዎ።

ገበላታት፣ መረባታትን ዛላታትን እንተወሓደ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ኣብ ጽድያ ይሕጸቡ።

እቲ ሽፋን ድማ ከም ጽሩይን ምሉእን ክረአ ኣሎዎ።

### *ኣመሓያሺ ክንክን*

ጉድለታትን ዕንወትን ናብ B ብቕልጡፍ ክሕበሩን ክስነዱን ኣለዎም።